# ኣብ ዳግመ መስርሕ ስለ ዝተሳተፍካ ነመስግነካ !

Tigrinska



ወትሩ ሓደ መጠርነፊ ወይ ሓንቲ ጋዜጣ ናብ ዳግመ - መስርሕ ኣብ እትመልሰሉ እዋን ሓደ ዓቢ ነገር የጓንፍ። እታ ባሊቃ ዝነበረት ናብ ቡሎኒ ትቕየር። እታ ዝተዓማጸጸት ባኮ ሓርጭ ሳሙና፡ ጽብቕቲ ሳጹን ሳእኒ ትኸውን። እታ ዝተነበት ጋዜጣ፡ ሓዳሽ ጋዜጣ ትኸውን ንኽትንበብ። ብኸምዚ መንገዲ ብዙሕ ጸዓት ንክቁጠብ ትሕግዝ። ንባህርያዊ ጥረ ነገራት እውን ከም ዘይክሰሩ ትገብር። ሳላኻ ኣካባቢ (ባህሪ) ዓቢ መኽሰብ ይገብር። ንስኻ'ውን ገለ ነገር ትኸስብ ኣሎኻ። ኩሉ ግዜ ዳግመ ክትምስርሕ ከለኻ።

## መጠርነፍን (ጐማን ባኮን) ጋዜጣን ኣብ ሓደ ዑደት

ኩሉ ዝእከብ መጠርነፍን ጋዜጣን ሓድሽ መጠርነፊ ወይ ፍርያት ንኽኸውን ናብ ዳግመ መስርሕ ይጐዓዝ። ናይ ፕላስቲክ መጠርነፊ፡ ካብ መከላኸሊ ድምጽን ብራሽ መሕጸብ ኣቑሑትን ክሳብ ሰፈር ዕንባባን ፕላስቲካዊ ሳንጣን ክኸውን ይኽእል። ጥርሙስን ናይ ወረቖት መጠርነፍን ብቐዳምነት ሓድሽ መጠርነፊ ይኸውን። ሓጺናዊ መጠርነፊ (ታኒካ)፡ መገዲ ባቡር ክኸውን ይኽእል። ዝተነበ ጋዜጣ፡ ወረቖት ክሽነ ወይ ሓድሽ ወረቖት ጋዜጣ ይኸውን።

## ሓላፍነት ኣፍረይቲ

መንግስቲ፡ ነፍስ ወከፍ መጠርነፊ ዘፍሪ፣ ዘምጽእ፣ ዝዕሽግ ወይ መጠርነፊ ወይ ዕሹግ ነገራት ዝሸይጥ ትካል፡ ዓማዊል ንዳግመ መስርሕ መጠርነፊ ዝመልስሉ መኣከቢ ኣገባብ ንኽህሉ ሓላፍነት ከም ዘለዎም ወሲኑ ኣሎ። እዚ ሓላፍነት ኣፍረይቲ ይብሃል። እዚ ንጋዜጣታትን ተመላሲ ወረቖትን እውን ይምልከቶ እዩ። እቶም ናይ ጋዜጣ ወረቖት ዘፍርዩ ወይ ዘምጽኡ፡ ጋዜጣ ዝሓትሙን ዘምጽኡን እውን ናይ ምእካብን፡ ተመላሲ ወረቖት ዳግመ ናይ ምምስራሕን ሓላፍነት ኣለዎም። መጠርነፊታትን ጋዜጣታትን እተን ክልተ ቀዳሞት ጉጅለ ጥረ ነገራት ናይ ኣፍረይቲ ሓላፍነት ዝረኸባ እየን። ናይ መጠርነፍን ጋዜጣታትን ወረቖት ኣፍረይቲ ነዚ ሓላፍነት ብመንገዲ ምእካብ መጠርነፍን ጋዜጣን (FTI) ይፈትሕዎ፣ ናቶም ስራሕ ብዘይ ናይ መኽሰብ ዕላማ ይካየድ።

## መደበራት ዳግመ መስርሕ

FTI ናይ ኩለን ኣብ ሽወደን ዘለዋ ናይ ዳግመ መስርሕ መደበራት ሓላፍነት ኣለዎም። ናብኡ፡ ጋዜጣታትን ናይ ፕላስቲክ፣ ወረቖት፣ ሓጺንን ጥርሙስን መጠርነፊ ንዳግመ ምስራሕ ንኽትገድፍ ትኽይድ። ኣብ ናቱ ናይ ጋዜጣታትን መጠርነፍን መኣከቢ ዘለዎ ገዛ ትቕመጥ እንተ ኾንካ፡ ነቲ ዝምለስ ኣብኡ ትገድፎ። FTI ምስ መብዛሕትኣን ካብኡ ዝእከባ ትካላት ብሓባር ይሰርሕ እዩ። እዚ፡ ኩሉ ብሓደ ኣገባብ ዳግም ከም ዝምስራሕ ንዓኻ ውሕስነት ይኾነካ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ ናትና መርበብ ሓበሬታ www.ftiab.se/hitta-atervinningsstation ኣብ ቀረባኻ ዘሎ መደበር ዳግመ መስርሕ ኣበይ ከም ዝርከብን ኣብ ቀጻሊ ግዜ መዓስ ከም ዝጉሕጓሕን ዝጸርን ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል። ብተወሳኺ ኣብ'ዚ መምርሒ ከመይ ጌርካ ከምትፈላሊ፣ ብዛዕባ ዳግመ መስርሕ ዘርኢ ፊልም፣ ምኽርን ማዕዳን ከም'ኡውን ሓበሬታ ብዛዕባ ስራሕና ኣሎ።

ብመገዲ ኢ.መይል info@ftiab.se ወይ ቁጽሪ ተሌፎን 0200-88 03 11 ምሳና ርክብ ብምግባር ንሕቶታትኩም መልሲ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ንካልእ ዓይነት ጐሓፍ** ከም ዓበይቲ ጐሓፍ፣ ብስባስ (ናይ መግቢ፣ተኽሊ ወዘተ)፣ ኤለክትሪካዊ ጐሓፍን ሓደገኛ ጐሓፍን ንዝምልከት ናትካ ኮሙን እዩ ሓላፍነት ዘለዎ።

FÖRPACKNINGS & TIDNINGS INSAMLINGEN

# ከም'ዚ ጌርካ ትፈላልዮ

ኩሉ መጠርነፊ ክውዳእን ብነጠብጣብ ክደርቅን ኣለዎ። ብዝተፈላለየ ዓይነት ጥረ ነገራት ዝተሰርሐ መጠርነፊ ክፈላለ ኣለዎ። ብዝተሰርሓሉ ጥረ ነገር ምፍልላዩ ምስ ዝጽግመካ፡ ነቲ መጠርነፊ በቲ ዝኸበደ በብሚዛኑ ፈላልዮ።



## ናይ ፕላስቲክ መጠርነፊ

ንኣብነት ጥርሙስ፣ታኒካ ፕላስቲክ፣ ናእሽቱ ሰንኬሎን በርሚልን፣ ፕላስቲካዊ መሰከሚ ሳንጣ፣ ተጠቕሊሉ ዝርከብ ፕላስቲክ ሳንጣ (ንኣብነት ንፍሩታን ኣሕምልትን ዝኸውን ኣብ ዱኳናት ዝርከብ)፣ ዳግም ዝምላእ ባኮ፣ ቱቦ፣ ጐማ ቁልዋ ድንሽን ስቲሮፎምን።

**ከም'ዚ ግበር** ንቡሽን መኸደንን እለዮ። ፕላስቲካዊ መጠርነፊ ንዝሓዘ ሳንጣኻ ኣብ'ቲ መአከቢ በበይኑ ከም ዝኸውን ጌርካ ደርብዮ። እዚ ንደሓር ኣብ ዳግመ መስርሕ የቃልል እዩ።

**ኣስተውዕል** መትሓዚ ዘይኮነ ናይ ፕላስቲክ ውጽኢት ከም ዓቢ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ይግደፍ፣ ንኣብነት ኣቑሑ ገዛ፣ መጻወትን ናይ ቪድዮ ካሴትን። ፕላስቲክ ናይ መስተ ገንዘብካ ምእንቲ ክምለሰካ ናብ ድኳን ምለሶ።



## ባኮ

ንኣብነት፦ ናይ ፓስታ - ጸባን ጽማቕን ባኮ፣ ናይ ወረቐት ሳንጣ (ሳኬት)፣ መጠቕለሊ ሽኮር፣ ባኮ ሳእኒ፣ ወረቐት ሽቓቕን መልኣኣኺ ባኮታትን።

**ከም'ዚ ግበር** ጸቒጥካ ሰጥ ኣቢልካ ዕጸፎ። ንናእሽቱ ባኮ ናብ ዓበይቲ ባኮ ኣእትዎ ናይ መጐዓዝያ ቦታ ንምቑጣብ።

**ኣስተውዕል** ቡስጣታት ኣብ ናይ ገዛ ጐሓፍ/ተባራዒ ኣእትዎ። ጋዜጣታት፣ ናይ ረክላም ወረቓቕትን ንዕኡ መሳልን ኣብ'ቲ ናይ ጋዜጣ መኣከቢ ኮንተይነር ኣእትዎ።



## ሓጺናዊ መጠርነፊ (ታኒካ)

ንኣብነት፦ ዕሹግ ታኒካታትን ስፕረይ ታኒካታት፣ ቱቦታት፣ ባሊቃን መኸደንን፣ ታኒካታት ቀለም።

**ከም'ዚ ግበር** በላሕቲ ጫፍ ናብ ውሽጢ ታኒካ ድፍኣዮ ባሊቃ ናይ ቱቦ ኣይትእለዮ።

**ኣስተውዕል** ናይ ቀለምን ተረፍ ኮላ ዘለዎም ታኒካታትን ከም ኣስጋኢ ጐሓፍ ይድርበ። መጠርነፊ ዘይኮነ፡ ሮታመ፣ ደቀቕቲ ነገራት ናይ ህንጻ ሙቐት፣ርውሓትን ጽሬትን መሳርሒ፣ መቕለዊ ባዴላን ካልእ ፍርያትን ከም ዓበይቲ ጐሓፍ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ይድርበ። ተመለስቲ ታኒካታት ገንዘብካ ምእንቲ ክምለሰካ ናብ ድኳን ምለሶም።



## ጠራሙዝ

ንኣብነት፦ ሕብሪ ዘለዎን ሕብሪ ዘይብሉን ጠራሙዝ።

**ከም'ዚ ግበር** መኸደንን ባሊቃን ኣልግሶ። ከከም ዓይነቱ ፈላሊኻ ኣብ መአከቢ መደበር ኣእትዎ። ሕብሪ ዘለዎን ሕብሪ ዘይብሉን ጠራሙዝ ኣኣብ ቦትኡ ኣእትዎ።

**ኣስተውዕል** ተመለስቲ ጠራሙዝ ገንዘብካ ምእንቲ ክምለሰካ ናብ ድኳን ምለሶም። መጠርነፊ ዘይኮኑ ከም ዝበሰለ ካይላ፣ ቸራሚካን ካልኦት ፍርያት ካይላን ከም ዓበይቲ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ይድርበዩ። ከበብትን ነዋሕትን መብራህቲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ናይ ኮሙን ዳግመ መስርሕ መደበራት ይጐሓፉ።



## ጋዜጣታት

ንኣብነት፦ መዓልታውን ሰሙናውን ጋዜጣታት፣ መጽሔት፣ ካታሎግ፣ ወረቐት ረክላም፣ መንሹርን ናይ መጽሓፍን መስኣልን ወረቐት፣ መጻሕፍትን።

**ከም'ዚ ግበር** ቅድሚ ነቲ ወረቓቕቲ ናብ መአከቢ ወረቐት ምድርባይካ፡ ናይ ፕላስቲክ መሸፈንን ረክላም ልጋብን ኣልግሶ

**ኣስተውዕል** ቡስጣን ተሪር ገበር ዘለዎም መጻሕፍትን ኣብ ናይ ገዛ ጐሓፍ/ተባራዕቲ ይድርበዩ። ባኮ፣ ሳኬት፣ ካርቶንን ተመሳሰልቶምን ኣብ ናይ ባኮ መአከቢ ይድርበዩ።

FTI 2015 mars